# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.108 | ሰንበት 4 ጥሪ 2026 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
መብጽዓ ሓድሽ ዓመት


ገጽ 4
ዕማማትን ኣቃውማን ኣሃዱ...


ገጽ 5
እቲ ኻልእ ገድሊ ንናጽነት


ገጽ 7
ማእከል፡ ንብሉጻት ኣተለታትን...



## ሃይኮታ - ሕርሻዊ እቶታውነት ዘድንፍዑ ሜላታት ብዕቱብ ይስራሓሎም





ኣብ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ፡ ሕርሻዊ እቶትን እቶታውነትን ዘድንፍዑን ተሳታፍነት ተመሃሮ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ዘዕብዩን ሜላታት ብምልኣት ንምትግባር ዕቱብ ስራሕ ክካየድ፡ መተሓሳሰቢ ቀሪቡ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ኣብ ምውሓስ ጽሬት ኣከባቢ፡ መጸናዕቲ መዓላ ጀራዲን፡ ሸፈነ ክታቡትን ምርግጋጽ ጥዕና ኣደን ህጻንን ኣድማዒ ስራሕ ከምዝተዓመ ዝሓበረ ኣካያዲ ስራሕ ኣቶ ሱሌማን መሓመድዓሊ፡ ምርጫታት ኣመሓደርቲ ከቡባን ኣካባቢ ዓድን፡ ምጥርናፍ ዓድታት፡ ምእኻብ ግብርን ምግታእ ጎዳእቲ ልምድታትን ኣብ 2026 ብዕቱብ ኣብ ዝስራሓሎም መደባት ምዃኖም ገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ ኣቶ ሸኩዲን ሳልሕ ብወገኑ፡ 16 ሽሕ ሄክታር ብዘናብ ክራማት፣ ኣስታት 4 ሽሕ ሄክታር ድማ ብመስኖ ክለምዕ ዝኽእል መሬት'ኳ እንተሎ፡ መጠን ሕርሻዊ ምህርቲ ከም'ቲ ትጽቢት ዝግበረሉ ከምዘይዓበየ ብምጥቃሱ፡ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ካልኦት ሜላታትን ብግቡእ ክትግበሩ፣ ተሳታፍነት ተመሃሮ ንምዕባይ ድማ ብምውህሃድ ክስራሕ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ቀረብ ትራክተራት መንግስቲ ዘጋጥም ዋሕድን ምድንጓያትን ክእረም፣ ህንጸት ኮማዊ ዓይኒ-ምድሪ ኣብ ሓውሲ ከተማ ሃይኮታ ክሕሰበሉ፣ ህንጻዊ ስርሓት ኮማዊ ሆስፒታል ሃይኮታ ክዛዘም፣ ከምኡ'ውን መስመራት ማይ ክዋደድ ዝብል ለበዋታት ቀሪቡ።

## ሎጎ-ዓንሰባ - ተራ መምህራን ክብ ንምባል ተዘትዩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ፡ ተራ መምህራን ኣብ ምምሕያሽ ብቕዓት ትምህርትን ውጽኢት ተመሃሮን ክብ ንምባል ዘዘተየ ርክብት ተኻዪዱ።

ሓላፊ ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር መሓሪ ተሾመ ኣብ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ፡ መምህራን ንዝተሰከምዎ ረዚን ሓላፍነት ተገንዚቦም፡ ብውጥን ዝትግበር፣ ንመሰርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዝሕግዝን ሞያዊ ብቕዓትን ሓላፍነትን ዝንጸባረቐን ዕቱብ ኣካይዳ ክኽተሉን ብተወፋይነት ክሰርሑን ኣተሓሳሲቡ።

ጸሓፊ ህግደፍ ኣቶ ብርሃነ ጸጋይ ብወገኑ፡ ብሉጽ ውጽኢት ተመሃሮ፡ መምህራን ብዘኻይድዎ ውልቃውን ሓባራውን ጻዕሪ ስለዝጽሎ፡ መምህራን ብስነ ምግባሮምን ተወፋይነቶምን ኣብነት ክኾኑ ኣዘኻኺሩ።

መምህራን ብወገኖም፡ ተመሳሳሊ ርክባት ክድፋኣሉ፣ ኣብ ምጅማር ትምህርትን ምቅይያር መምህራንን ዝርአ ምድንጓያት ክእረም፣ ከምኡ'ውን ኣብ ባህልን ስፖርትን ዝጥፋ መምህራን ክምደቡን ምቕርሒ መምህራን ብዕቱብ ክስራሓሉን ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

## ማእከል - ልዕሊ 200 መንእሰያት ሞያዊ ስልጠናታት ቀሲሞም

ኣብ ዞባ ማእከል - ንኡስ ዞባ ማእከል ከተማ ንሰለስተ ኣዋርሕ ብዝተፈላለየ ሞያታት ዝሰልጠኑ 60 ሚእታዊት ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 220 መንእሰያት፡ ብ2 ጥሪ ተመሪቖም።

ኣብ'ዚ ክልሰ-ሓሳብን ግብርን ዝጣመረ ስልጠናታት፡ 129 ብቐዳማይ



ስእሊ. ፍያሜት መስፍን

ረዲኤት፣ 54 ብስነ-ጽባቐ ጸጉሪ ርእስን ምንቃሸን፣ 39 ድማ ብቴክኖሎጂ ኮምፒዩተር ክም ዝሰልጠኑ፡ ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሃማመተኤ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ሰነድ ሚካኤል ሓቢሩ።

ኣብ ጨንፈር ሃማመተኤ ዞባ ማእከል ሓላፊ ኣሃዱ ፕሮጀክት ኣቶ የውሃንስ ብርሃነ ብወገኑ፡ እቲ መደብ ኣካል ናይ'ቲ ንመንእሰያት ብቑዕ ፍልጠትን ሞያን ብምዕጣቕ ኣብርኩቶኦም ዘዕዝዙሉ ባይታ ንምጥጣሕ ዝሰላሰል መደባት ከምዝኾነ ብምጥቃሱ፡ ሰልጠንቲ ብግብራዊ ዕዮ ከማዕብልዎን ንመዘኑኦም ክጸልዉን ኣዘኻኺሩ።

ንመንእሰያት ማዕረ-ማዕረ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ሞያ ምዕጣቕ ኣገዳስነቱ ልዑል ከምዝኾነ ዝጠቐሰት ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ ማእከል ከተማ ወ/ሮ ሂወት መንግስ ድማ፡ ሰልጠንቲ ብዘቐሰምዎ ስልጠና ጸላዊ ተራ ክህልዎም ትጽቢት ከምዝግበር ኣገንዚባ።

## ተጋዳላይ ኣካለ ገብረወልድ ተሰዊኡ



ገዲም ተገዳላይ ኣካለ ገብረወልድ ሓጎስ፡ ብ1 ጥሪ 2026 ኣብ መበል 70 ዓመት ዕድመኡ ብሕማም ተሰዊኡ።

ኣብ ወርሒ ሕዳር 1975 ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ ኣካለ፡ ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት ካብ ተራ ክሳብ ኣዛዚ ሓይሊ፣ ድሕሪ ናጽነት ድማ ኣብ ዞባ ደቡብ ኣመሓዳሪ ወረዳን ሓውሲ ከተማን፣ ሓላፊ ኣሃዱ ሓለዋ ኣከባብን ሃገራዊ ኣገልግሎትን ስውኣትን ኣብ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ምምሕዳር ዞባ ደቡብ ሓላፊ ኣሃዱ ምውፋር ኮይኑ ንህዝቡን ሃገሩን ብትግሃት ዘገልገለ ሓርበኛ'ዩ።

ስውእ ተጋዳላይ ኣካለ ገብረወልድ፡ በዓል ሓዳርን ኣቦ ሓሙሽተ ደቅን'ዩ። ስነ-ስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ብ2 ጥሪ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት መንደፈራ ተፈጺሙ።

ሚኒስትሪ ዞባዊ ምምሕዳር፡ ብመስዋእቲ ገዲም ተጋዳላይ ኣካለ ገብረወልድ ዝተሰመዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን "ጽንዓት ይሃብኩም" ይብል።

# ሓጋዝ - ኣብ ሓሸሻይ፡ ሓድሽ ስርዓት ቀረብ ማይ ተዋዲዱ

ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ሓሸሻይ - ንኡስ ዞባ ሓጋዝ፡ ሓድሽ ስርዓት ቀረብ ማይ ብምውዳዱ፡ ዝጸንሐ ጸገማት ማይ ተፈቲሑ።

ኣቐዲሞም ጽሬቱ ዘይተሓለወ ማይ ክጥቀሙ ምጽንሖም ዝሓበሩ ነበርቲ፡ እቲ ብምትሕብባር ህዝብን ኣሃዱ ልምዓት ማይ ዞባ ዓንሰባን ኣብ ማእከል ዓደም ዝተዋደደ ፕሮጀክት፡ እፎይታ ከምዝፈጠረሎም ገሊጾም።

እቲ ብጹሓያዊ ጸዓት ዝሰርሕ ፕሮጀክት፡ ካብ ሩባ ሕመራይ ናብ ሓሸሻይ ዝዘርግሐ 5 ኪሎሜተር ሻምብቆታትን ክልተ መዐደሊ ንቑጣታትን ዘጠቓልል ኮይኑ፡ ድሮ ቁጽርቲ ከምእተዓደለ፡ ካብ ኣየድኒ ናይ'ቲ ስራሕ ዝተረኽበ ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ሓሸሻይ



ኣቶ መሓመድ ኣሕመድ ዑመር ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ምውዳድ ናይ'ቲ መስመር ንዘበርዎ ሰክፍታን ጸገማትን ፍታሕ ከምዘምጽአ ብምግላጽ፡ ብፍላይ ኣብ ምቕላል ጾር ተመሃሮን ኣረጋውያንን ዓቢ ኣስተዋጽኦ ይገብር ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ኣቶ እድሪስ መሓመድ ሓምድ ብወገኑ፡ ሽግር ጽሩይ ዝስተ ማይ ሓሸሻይ ንምፍታሕ ንዝተኻየደ ወሁድ ጻዕሪን ፈጠርዎ ዘሎ መስተርሀያትን ብምጥቃስ፡ ነበርቲ ብውሕሉል ኣገባብ ክጥቀሙሉን ቀጻልነቱ ከውሕሱን ተላቢዩ።

ሓንቲ ካብ 14 ምምሕዳራት ከባቢ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ዝኾነት ምምሕዳር ከባቢ ሓሸሻይ፡ ኣብ 15 ዓድታት ዝጥርነፉ ልዕሊ 10 ሽሕ ህዝቢ ኣለዋ።

# ዓንሰባ - ኣብ ዓውደ-ትምህርቲ ሕሳብ ግንዛበ ክብ ይብል

ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ዓንሰባ፡ ኣጠማምታ ተመሃሮ ኣብ ዓውደ-ትምህርቲ ሕሳብን ንሱ ዘስዕቦ ዝነበረ ድኻማትን ንምፍዋስ ይሰርሕ ከምዘሎ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ጨንፈር ወኪል ስነ-ሕሳብ መምህር ተስፋስላሴ ነገደ፡ ቀንዲ ዕላማ ዓውደ ትምህርቲ ሕሳብ፡ ፍልጠት ምድላብ፣ ክእለት ምውናንን ተባላሓቲ ምኳንን ከምዘጠቓልል ብምጥቃስ፡ ኣብ ዓውዲ ሕሳብ ዝጸንሐ ኣጠማምታ ቅኑዕ ስለዘይነበረ፡ ብዙሓት ተመሃሮ ካብ'ቲ ዓውዲ ክርሕቑ ምጽንሖም ሓቢሩ።

"ሕሳብ መሰረት ምዕባለ'ዩ" ድሕሪ ምባል፡ ኣብ መዓልታዊ ሂወትና እንጥቀመሎም መሳለጥያታት ውጽኢት ሕሳብ ስለዝኾኑ፡ ሓደ ተመሃራይ ዕዉት ክኸውን ኣብ ሕሳብ ዘለዎ ስረት ክድልድል ከምዝግባእ ኣረዲኡ።

በዚ መሰረት፡ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ዓንሰባ፡ ብቑዓት መምህራን ክብ ንምባልን ዓውደ ትምህርቲ ሕሳብ መሳጥን ኣዛናይን ንምግባርን ስልጠናታት ክውድብ ከሎ፡ ኣብ ህዝብን ተመሃሮን ዝጸንሐ ኣጠማምታ



ንምቕያር ኅስጓሳት ይካየድ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ዝጸንሐ ኣገባብ ኣመሃህራ ዓውደ ትምህርቲ ሕሳብ፡ ብተመሃሮ ተዘካሪ ከምዘይጸንሐ ጠቒሱ ድማ፡ እቲ ኣገባብ ኣመሃህራ - ተመሃራይ ማእከል ዝገበረን ኣብ ልምምድ ዝተኮረን መሳጢ ምስ ዝኸውን ዝያዳ ውጽኢታውን ኣድማዕን ከምዝኸውን ገሊጹ።

መምህር ተስፋስላሴ ኣብ መወዳእታ፡ ወለዲ፡ መምህራንን ተመሃሮን ኣብ ዓውደ ትምህርቲ ሕሳብ ተፈጢሩ ዘሎ ኣሉታዊ ኣጠማምታ ንምቕያር፡ ብውህደት ክሰርሑ ተላብዩ።

# ምርጫ ኣመሓደርቲ ከባብን ኣነባበርቲ ዓድን ኣብ ሞልቀ

ኣብ 19 ምምሕዳራት ከባብን 61 ዓድታትን ከባቢ ንኡስ ዞባ ሞልቀ፡ ምርጫ ኣመሓደርቲ ከባቢን ኣነባበርቲ ዓድን ተኻዪዱ።

ኣመሓዳሪ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ዘርኣይ በርሀ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ብጠቕላላ 12 ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 100 ኣመሓደርቲ ከባብን ኣነባበርቲ ዓድን ከምእተመርጹ ገሊጹ።

መስርሕ ምርጫ ኣብ ኩለን ምምሕዳራት ከባቢ ዕዉት ምንባሩ ብምጥቃስ ድማ፡ ህዝቢ ንዝተመርጹ ኣመሓደርትን ኣነባበርቲ ዓድን ምሉእ ደገፍን ምትሕብባርን ክገብረሎም ኣተሓሳሲቡ።

እቶም ዝተመርጹ ብወገኖም፡ ህዝብን መንግስትን ዘሰከሞም ሓላፍነት ተገንዚቦም ብእምነትን ተወፋይነትን ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጾም።



## መደብ ቴለቪዥን

ሰንበት

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ፊዮሪና |
| 09:35 | ሽልማት ስነ ጥበብ ኣዉራ ዞባ ደቡብ 2ይ ክፋል |
| 10:20 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ማእገር |
| 11:00 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ |
| 11:40 | ቀስተ ድሕነት |
| 14:00 | ሞዛይክ |
| 17:00 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ፍረ ጻዕሪ |
| 17:30 | ፈንቅል |
| 18:15 | መደብ ዋልታ |
| 18:50 | ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ፊልም እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ድራማ |
| 22:40 | ዜና (እንግሊዝ) |

ሰኑይ

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | መቓልሕ መንእሰያት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜናስፖርት |
| 12:55 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሃሎው ደባይዋ |
| 15:30 | ዶክመንት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ካብ ሰነዳት |
| 17:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 17:40 | ደረትቃና |
| 19:10 | ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ደሃይ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | መድብ ጥበብ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳጶ. 1284

# መብጽዓታት ሓድሽ ዓመት

ኣልጋነሽ ተስፋልደት

ኣብ ዝሓለፈት ወርሒ ታሕሳስ ኮይንና እንታይ ንብል ነይርና፣ መቸም ታሕሳስ ክትመጽእ እንከላ፡ ኣብ ሓንጎልና ዝሰኣለና፣ ምስንባት ናይታ ዝጸንሐት ዓመትን ምቕባል ናይታ ትኣቱ ዘላ ሓዳስ ዓመትን እዩ። መዓት ዝወረዳ ታሕሳስ ከምተን መሳቱኣ ኣዋርሕ ፍቕርን ኣድህቦን ኣይልገሰላን እዩ። ኣብኣ እንከለና፡ ንኣኣ ረሲዕና፣ "ኣብዛ ትመጽእ ዘላ ሓዳስ ዓመት ጀሚረ እዚ ክዓምም'የ፣ እቲ ክገድፍ'የ፣ ከምዚ ክኸውን'የ፣ ከምቲ ክሰርሕ'የ" ክንብል ንወርሒ ጥሪ ከነቋምት፡ ንታሕሳስ ከየስተማቐርናያን ከየስተብሃልናላን መዓልታታ ጠራኒፋ ትኸይድ። ኣየ'ወ ዛ'ታሕሳስ፣ እንተትሕተት ግን ሰሓቓ ኣይምጸገበትናን። ከመይ'ሲ እቲ ኣብኣ ኮይንና "ክኾኖ እየ፣ ክገብሮ እየ" ንብሎ ከምዘይንኾኖን ከምዘይንገብሮን ስለ ትርእየና!

መብጽዓ ሓድሽ ዓመት፡ ኑቲ 'ማሕላ ንመን ቀተለ' ዝብል ብሂል እዩ ዘዘኻኽረካ፤ ምኽንያቱ ከምኡ ጌሩ ዝጥለም መብጽዓ የለን። መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፣ ኣብ መላእ ዓለም ኣብ ዝኣተወ ናይ ሓድሽ ዓመት መብጽዓታት፣ እቶም 88% ኣብ ውሽጢ ክልተ ሰሙን ይፈሽሉ። ነዚ ዝተዓዘበ 'ጠለምቲ መብጽዓ' ናይ ምዕራባዊ ዓለም፣ ንጥሪ 17 ከም 'መዓልቲ ምርጥራጥ ናይ ሓድሽ ዓመት መብጽዓ' ኣብዕልዋ ጀሚሮም ኣለዉ! ዓመት መጸ መደባት ሰሪዕና ከነብቅዕ፣ ንኹሉ'ስ ይትረፍ ንፍርቂ'ውን ከነተግብሮ ዘኾኽእለና ዘሎ ጠንቂ ግን እንታይ እዩ፤ ንምንታይ'ከ ዓመት ዓመት ንደጋግሞ፤ እቲ መልሲ ብዙሕን ዝተፈላለየን ክኸውን ዝኽእል'ኳ እንተኾነ፣ እተን ተደጋገምትን ኣብ ዝበዝሕና ከኣ ዝረኣያን ጠንቅታት ግን እዘን ዝስዕባ እየን፥

### 1. ግሉይ ድርኺት ምህላው

ዝበዝሐ ግዜ እቲ ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት ንኣትዎ መብጽዓ ኣብ ግሉይ ድርኺት ዝተበገሰ እዩ። እቲ ናይ ብሓቂ ንሕና ንደልዮ ዘይኮነስ ካልኦት ዝደልይዎ ኢና ንመባጻዕ። ኣብ ናይ ካልኦት ድሌት ተመርኲስና ዝኣተናዮ መብጽዓ ከኣ፣ ክንዲ ዝጸበቐ ይጸብቐ፣ ንኽንትግብሮ ዝህልወና ድሌትን ሓቦን ቀልጢፉ እዩ ዝበንን። ንኣብነት፣ መሓዙትካ ብዝገበሩልካ ጸቕጢ ተደሪኽካ ሓሻሽነት ከተጉድልን ገንዘብ ምውህላል ክትጅምርን እንድሕር ተመባጺዕካ፣ ኣይሰሙን ኣይሳልሱት፡ መብጽዓኻ ጠለምካ ናብዚ ናይ ምሕሻሽ ባህርያትካ ኢኻ ትምለስ። ምኽንያቱ ኣብ ፈለማኡ'ውን ናትካ ድሌት ኣይነበረን።

### 2. ዘይምቅዳው መብጽዓ ምስ ሓፈሻዊ ራእይ

እቶም ንኣትዎም መብጽዓታት፣ ምስቲ ክንበጽሖ ንደሊ ራእይን ሓፈሻዊ ኣነባብራናን ወሀደት ዘይብሎም ምስዝኾኑ ንኸይትግበሩ ዘለዎም ተኽእሎ ይዓቢ። ንኣብነት፣ ራኢ ናይ ሓደ ሰብ ሞያኡ ምህብታምን ምዕዋትን ምስዝኸውንን ብኡ መሰረት ከኣ ኩሉ ንጥፈታት ናይ ህይወቱ ኣብ ዙርያ'ዚ ራእይ ዝኾልል ምስ ዝኸውን፣ ምስ ጥዕና ዝተኣሳሰሩ መብጽዓታት ምስዚ ህይወት ናይቲ ሰብ ዘይቃዶ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ከም ውጽኢቱ፣ እዞም መብጽዓታት ኣብ ክንዲ ከም ኣካል ናይቲ ዝደልዮ ህይወት ዝኾኑ፣ ከም መጻግምቲ ኮይኖም ይስምዕዎ'ሞ ከይተተግበሩ ይተርፉ።

### 3. ምሕር ህንጡይ ምዃን

ናይ ሓድሽ ዓመት መብጽዓና ዓቕኑ ዝሓለፈ ሕንጡይነት ዝዓብለሎ'ዩ። ዓበይትን ንነዊሕ ዝዓለሙን መብጽዓታት ተሰሩ ዘቑርጹ ክኾኑ ስለዝኽእሉ ቅልጡፍ ውጽኢት እንድሕር ዘይረኣናሎም ናብ ዓቕሊ ምጽንቃቕ ንኸይድ። ሰባት ብተፈጥሮና ዘይዕጉሳትን ቅልጡፍ ርውየት ንደልን ኢና፣ ብፍላይ ከኣ ኣብዞ ሕጂ ብልዑል ናህሪ ትሰጉም ዘላ ዓለም። ስለዝኾነ ከኣ ዝበዝሐ ግዜ ኣብ ክንዲ ቡብንእሽተይን ቡብደረጃን፣ ብበርትዐን ብናህርን ምስጓም ንጅምር። ቀልጢፍና ስለ ዝሰገምና ከኣ መብጽዓና ቀልጢፍና ክንረኽቦ ንጽበ'ሞ ብኣንጻሩ ምስ ኮነ ተሰፋ ቀሪጽና ጠቕሊልና ነቋርጽ። ንኣብነት፣ ሓድሽ ቋንቋ ክንመልኽ ኣብ ሓድሽ ዓመት መብጽዓ ንኣቱ'ሞ፣ ወርሒ ከይገበርና ልክዕ ከምቶም ተዛረብቲ ናይቲ ቋንቋ ክንመልኮ ብዘይምኽኣልና ተሰፋ ቀሪጽና ንገድፎ። ኑቲ ቋንቋ ግን ወርሒ ምሉእ ብጽዑቕ ብምልምማድ ዘይኮነስ መዓልታዊ ክልተ ቃላት እንዳኣጸናዕና ኣብ ዝተናውሐ ግዜ ከም ንመልኮ ኣይንፈልጥን፣ ወላ እንተፈለጥና ከኣ ንዕኡ ዘተግብር ዓቕሊ ክንድልብ ኣይንደልን።




### 4. መብጽዓ ንምትግባር ዝሕተት ግዜን ጻዕርን ኣትሒትካ ምግማት

ሓደሽቲ ልምድታት ንኽንሃንጽ ግዜን መትከላዊ ጻዕርን እዩ ዝሓተና። "ኣብ ዕለት ሓደ ጥሪ ጀሚረ ከምዚ ክኸውን'የ" ስለ ዝበልና ጥራይ፣ ኣብ ዕለት ሓደ ሃንደበት ባህርይና ክንልውጥ ኣይንኽእልን ኢና። ብኣንጻሩ ዝነበሩና ልምድታት ገዲፍና ሓደሽቲ ልምድታት ንምርዓም ውረድ ደይብ ዝተሓወሶ ነዊሕ መገዲ እዩ ዝጽበየና። ኣብዚ'ውን ዘይከም'ቲ "ሓደ ባህሪ ንዒስራን ሓደን መዓልታት ብዘይምቁራጽ እንተደጋገምናዮ፣ ናብ ልምዲ ይምዕብል" ዝብል ህቡብ ብሂል፣ ሓድሽ ልምዲ ክተጥሪ ብገምጋም ክሳብ 66 መዓልታት ክወስድ ከም ዝኽእል ክኢላታት ይገልጹ። ብተወሳኺ፣ ሓድሽ ልምዲ ከነማዕብል ኣብ ንጽዕረሉ ዘለና እዋን ሰለስተ መዓልታት ኣተግቢርና ራብዓይቲ መዓልቲ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ክንነጥራ ንኽእል ኢና። መብጽዓ ሓድሽ ዓመት ኣብ ዝፈርሰሉ ምኽንያታት ከኣ እምበኣር ሓደ ኣብ ክንዲ ኣብታ ሓምሸይቲ መዓልቲ ናብ ጻዕርና ንምለስ በዛ ዝነጠርናያ መዓልቲ ጌርና መብጽዓና ምትግባር ስለ ንገድፎ እዩ። እዚ ከኣ ኣብቲ ንእንሕተቶ ጻዕርን ኣብ ባይታ ክጋጥመና ዝኽእል መኻልፍን ኣትሒትካ ብምግማት ዝበገስ እዩ።




### 5. ምርሳዕን ዘይምክትታልን

ብሰንኪ ናይ መዓልታዊ ህይወትና ሸበድበድን ኔው ነጀውን፣ ኣብ ሓድሽ ዓመት ዝኣተናዮ መብጽዓ ክንርስዖ ቀሊል እዩ። መብጽዓና ኣብ ወረቐት ምጽሓፍን ምዕባለኡ ምክትታልን እንተዘይተወሲኽዎ ከይትግበር ዘለዎ ተኽእሎ ይዓቢ።

### 6. ምድንጓይ

ምድንጓይ ማለት ንሓደ ክንትግብሮ ዝግበኣና ስራሕ/ንጥፈት ይጽንሓለይ ብምባል ከነመሓላልፎ ወይ ከነናውሖ ከለና ማለት እዩ። ዝበዝሐ ናይ ሓድሽ ዓመት መብጽዓና፣ ብምትግባር ዘይኮነስ ንኸይንትግብር ብምድንጓይ እዩ ዝጅምር። ከይተበገስና ሎሚ ጽባሕ ንብል። መዓልታት እናተዓዘሩ ብዝኸዱ ከኣ ቅንያት ሓድሽ ዓመት ይውዳእ'ሞ እቲ መብጽዓ ክንኣቱ ከለና ዝነበረ ናይ ለውጢ መንፈስና ይበንን። ብኡ ኣቢሉ ከኣ መብጽዓና ይርሳዕን ከይተተግበረ ከኣ ታሕሳስ የርክበና። ምድንጓይ ኣብ ትሑት ምሕደራ ግዜ፣ ሕጽረት ዲስፕሊን፣ ከምኡ'ውን ትህኪት ዝበገስ'ዩ ዝመስለና። ብዘዕባኡ መጽናዕቲ ዘካየዱ ምሁራት ስነ-ልቦና ግን ምድንጓይ ምስ ኣሉታውያን ስምዒታት ከም ዝተሓላለኸ እዮም ዝገልጹ። እዚ ማለት፣ እቲ ቀንዲ ዘዋሪ ናይ ምድንጓይ፣ ስራሕ ናይ ምውጋድ ድሌት ዘይኮነስ ኣሉታዊ ስምዒት ናይ ምውጋድ ድሌት እዩ። "እዚ ኣዝዩ ከቢድ'ዩ"፣ "ብኸመይ ከስተኻኽሎ ከም ዝኽእል ኣይፈልጥን'የ"፣ "ነዚ ንምትግባር ብቑዕ ኣይኮንኩን" ወዘተ ዝብሉ ኣሉታውያን ስምዒታት ኑቲ ዝሓስብናዮን ክንገብሮ ዝግበኣናን ንጥፈት ገዲፍና ናብ ካልእ ኣወንታዊ ስምዒት ዝፈጥሩልና ንጥፈታት ከም ንኸይድ ይገብሩና።

### መብጽዓ ሓድሽ ዓመት ዘይትግበረሉ ምኽንያታት እዞም ዝረኣናዮም ኮይኖም፣ ብኸመይ'ከ ንየኦም ኣወጊድና መብጽዓና ከነተግብር ንኽእል፤

#### - ክውንነታውያን መብጽዓታት ምእታው

ኣብ ክንዲ ኣብ ዘይንጹራትን ዓበይቲ ትምኒታትን፣ ኣብ ዝርዝራዊ፣ ክዕቀንን ኣብጻሕን ዝከኣልን ብግዜ ዝተኣሰረን ዕላማ ነተኩር። ንኣብነት፣ ኣብ ክንዲ ብድብዱብ "ኣብደት ሰብነተይ ክቕንስ እየ" ምባል፣ "ሰለስተ መዓልቲ ኣብ ሰሙን ን30 ደቓይቕ ምንቅስቓስ ኣካላት ክገብር'የ" ኢልካ ምምብጻዕ ይምረጽ። ብተወሳኺ ኣብ ክንዲ "በቃ! ካልእ ሰብ ክኸውን'የ" ምባል ኑተን ክንቅይረን ንደሊ ባህርያትና ፈሊና ነውጽኣየን።

#### - ብሓቀኛ ውሽጣዊ ድርኺት ምህላው

እንኣትዎም መብጽዓታት ብዘይ ጸቕጢ ናይ ካልኦት፣ ባዕልና ፈቲና ረዲና ንኣትዎም ከምዘለናን ምስ ናይ ገዛእ ርእስና ክብርታትን ራኢን ዝቃዶ ምዃኑን ነረጋግጽ። መብጽዓና ኣብ ውሽጥና ኣብ ዝበገሰሉ፣ ወላ'ውን ብመደባት ተጸሚድና ኣብ ዘለናሉ ንክንትግብሮም ግዜን ጸዓትን ኣይንስእንን ኢና።

#### - ውጥናትካ ምጅማር

ብባህርይና ኣደናጎይቲ ወይ ኣሰጋገርቲ ምስ ንኸውን፣ እቲ ዝኸበደ ዘጋጥመና ክፋል ኣብ ምጅማር'ዩ። ነዚ ንምቅላል፣ ኑቲ ክንትግብሮ ዝተመባጻዕናዮ፣ ኣብታ ዝተመባጻዕናላ ግዜ (ወላ ታሓሳስ ይኹን) ደኣ ንጀምራ'ምበር፣ ንዕለት ሓደ ጥሪ ምጽባይ መሊሱ እዩ ዘደናጉየና። ብሓፈሻ ግን ከምቲ ዝብልዎ "ንኽትጅምር፣ ጀምር" እዩ'ሞ፣ ብዘይካ ምጅማር ካልእ ኣማራጺ የለን። ሰባት ኣብ ዘይጀመርናዮ ስራሕ ንጅምር፣ ጀሚርናዮ ዝጸናሕና ምቕጻል'ዩ ዝቐለልና። ስለዚ ኑቲ ክንገብሮ ደሊና ዘለና፣ ንሓሙሽተ ደቓይቕ ጥራይ ከም ንትግብሮ ኣሚንና ንጀምሮ። ምኽንያቱ፣ ንሓጺር ግዜ'ዩ ኢልና ስለ ንሓስብ ብቐሊሉ ኢና ንጅምሮ። ብድሕሪኡ፣ ዝበዝሐ ግዜ ልዕሊ'ቲ ዝሓሰብናዮ 5 ደቓይቕ ኢና ኣብቲ ንጥፈት ንጸንሕ ነስልጦ።

#### - መቓን ግዜ ምሕንጻጽ

ትግባረ መብጽዓና ንምርግጋጽ ዝረአ ሳዕቤን ዘለዎ መቓን ግዜ ንሓንጽጽ። እዚ ሳዕቤን፣ ብምትግባርና ንረኽቦ ሽልማት ወይ ብዘይምትግባርና ንገጥሞ መቕጻዕቲ ክኸውን ይኽእል።

#### - ሓገዝቲ ምንዳይ

እንተኽኢልና ንመብጽዓ ሓድሽ ዓመት ምስ ካልኦት ከማና ሰባት ኮይንና ንእተዎ። እዚ ኸኣ ነንሕድሕድና እናተተባባዕናን እናተሓታተትናን ንትግባረ መብጽዓና ከረጋግጽ የኽእለና።

#### - ምዕባለ ትግባረ መብጽዓ ምክትታል

እቲ ኣብ ሓድሽ ዓመት ዝኣተናዮ መብጽዓ፣ ትግባረኡ ኣብ ከመይ ደረጃ ኣብጺሕናዮ ከምዘለና ብስሩዕ ንከታተል። መዓልታዊ ዘምጻእናዮም ናኣሽቱ ምምሕያሻትን ለውጥታትን ነስተውዕሎም። ንሳቶም ተደሚሮም ስለዝኾኑ ኣብ ነዊሕ ግዜ ርኡይ ለውጢ ዘምጽኡ፣ ንጸምብሎም።

#### - ኣቓልቦ ዘዘምብሉ ምንጭታት ምልላይ

ግዜና ዝበልዑን ኣድህቦና ዝሰርቁን ዘለዉ ከም ሞባይል ዝኣመሰሉ ምንጭታት ነቒሕና ንተዓዘቦም። መዓልታዊ ግዜና ብኸመይ ይሓልፍ ከም ዘሎ ብደቂቕ እንተድኣ ኣስተውዒልና፣ ስምባደ ብምፍጣር ናብ ኣፍራይነትን ምትግባር መብጽዓናን ክደፍኣና ይኽእል'ዩ።

#### - ለውጢ ዘይምእምኣካ ከይትኸውን ነፍስኻ ምምርማር

ሓንሳብ ሓንሳብ ወላ ብንቕሓት ደሊናዮ ከለና፣ ውሽጣዊ ናይ ዘይምልዋጥ ተቓውሞ ክገጥመና ይኽእል'ዩ። ኣብ ከምዚ እዋን፣ መብጽዓ ኣቲና ከነተግብሮ ስለ ዘይንኽእል ፈለማ ፍርሒ ውሽጥና ክንቃለሶ እዩ ዝምረጽ።

እሞ 2025 ድሮ ዓሚ ኮይና ኣላ። እዛ ኣቲናያ ዘሎና ሓዳስ ዓመት 2026 ኣብ ህይወትና ለውጥን ምዕባለን እነምጽኣላ ዓመት ክትከውን እንተኾይና፡ ኣብ ፈለማ ተበግሶታት ምውሳድ ወሳኒ እዩ።

**ርሑስ ቅንያት ሓድሽ ዓመትን በዓል ልደትን!**





# ካብ ታሪኽ ሰውራና



መሓመድ እድሪስ

## እቲ ኻልእ ገድሊ ንናጽነት

### ኣብ ጉጅለ ባህሊ እ' ስሙድ ዘጋጠመ ድንገት

ተስፋሚካኤል ጊላዝጊ (ወዲ ሽቃ) ሓደ ካብቶም ንጉጅለ ክ/ሰ 52 (ኣ'ስሙድ) ዘጋጠማ ሓደጋ ንስክላ ዝወጽኡ ወጽእ መዓት'ዩ። ንሱ ብዝዕባ'ታ ኣሰቃቒት ህሞት ክዘረብ ከሎ፦

<u>ናይ መደውዓእታ ክፋል</u>

ሽዑ እዋን እታ ኣባላት ጉጅለ ባህልን መሳርሒታት መዚቃ ጾዒና ዝበረት ማኪና ሰመም እናበለት በቲ ሩባ ክትድይብን እቲ ዓርሞሾሽ ውሕጅ ድማ ንቦ ክመስል እናተሰራሰረ ብቐድሚት ሁሩግ ክበላን ሓደ ኮነ። ማኪና ኣብቲ መጥወዪ ዘይብሉ ጸቢብ ሩባ ክትበጽሕ ድማ፡ እቲ ዘተፈራርሐ ድንገት ኣጋጠመ። እቲ ሰራም ውሕጅ ብትሕቲ እታ ማኪና ኣትዩ ከየላቦዋ ፎግፊት ከም ቆጺ ሓፍ ኣቢሉ ኣርባዕተ መንኮርኮራ ንሰማይ ቅድሚ ምዝምጣሉ፡ ነቲ ሓደጋ ርእዮም ኣቐዲሞም ብዮማን ጸጋም ዝዘለሉ ኣባላት ባህሊ እንትርፎ ማህረምቲ ክድሕኑ ከለው፡ እቶም ዕድል ዘይረኸቡ 8 ሰባት መብዝሕትኦም ደቂ ኣንስትዮን ሓደ ህጻንን ግን ግዳይ ናይቲ ሰኡብ ውሕጅ ኮኑ።

ሰለስተ ጦራኛታት ቦታኦም ክበጽሑ ተማጊእና ዝበሉን ሓሙሽተ ኣባላት ናይ'ታ ጉጅለ ባህሊን ብውሕጅ ተወሲዶ። ሬሳታቶም ገሊኡ ኣብቲ ከባቢ ዛሕዚሕ ኢሉ እኳ እንተ ተረኽበ ናይ ገሊኦም ግን ብቕልጡፍ ክርከብ ኣይተኻእለን። እቶም ኣባላት ባህሊ ክሳብ ዓይተዋይ ክደልዩ ወዓሉ። ካብቶም ብውሕጅ ዝተሰወኡ ኣባላት ጉጅለ ባህሊ ኣ'ስሙድ፡ ጉኦት ጠሉ ተዋሳኢት፡ ወይኒ ተኾምብያ ደራፊት፡ ብላል ተላሃያይ ብዓቒት፡ ክብሮም መዚቀኛ (ጃዝር) ከምኡ'ውን ካብ ኣባላት ናይ'ታ ጉጅለ ባህሊ ሰላማዊን ኣስመረትን ዝወለዱዎ ንእሽቶ ማንካ ዘይኣልዓለላ ህጻን ግዳይ ናይቲ ሰኡብ ውሕጅ ኮኑ። ብኻዕዚ ድማ፡ እቲ ሓጎሳን ደስታን ዝመልኦ ቅንያት ጉጅለ ባህሊ ኣ'ስሙድ፡ ብሓዘንን ትካዘን ተዓብለለ።

ኣብ ዓመታ ኣብ 1987 ኣብ ባሕሪ ንጉጅለ ባህሊ ክ/ሰ 74 ዘጋጠመ ሓደጋ፡ ብወፈያ ዝተኣከበ ንብረትን ምሉእ መሳርሒታት መዚቃን ሰንቅን ናይታ ጉጅለ ባህሊ ብዘጋጠመ ብልሽት ጀልባ ኣብ ባሕሪ ጥሒሉ። በዚ ድማ፡ እዋን ቃልሲ ተጋዳላይ ብጥይት፡ ብጠምቲ ብፋሬት ወዘተ ተወቒዑ ደውጋእ ወይ ደሰዋእ ጥራይ ዘይኮነ እቲ ዝጥጥሞ ዝበረ ባህርያዊ ተጻብኦታት'ውን ውሑድ ኣይነበረን። ኣብ መፋርቕ ሰብዓታት መንእሰያት ክጋደሉ ናብ ሰውራ ኣብ ዝሰለፉሉ ዝበሩ እዋን፡ ብዙሓት ሓደስቲ ተሰለፍቲ ኣብቲ ብደውደው ዝፍለጥ ምድሪ ቡዳዊ ጉላጉል ሳሕል ብጽምኣን ጥሜትን ብወቐዲ ጹሓይ (ኮልቦ ዲሶሎ) ዝተሰውኡ፡ ካብኡ ዝተላዕለ ደሓር ተጋዳላይ ነቲ ክጋደሉ ክበሉ ብዙሓት መንእሰያት ዝወሰድ ዝበረ ነዊሕ መንገዲ "መንገዲ ሰማእታት" ዝብል ስያመ ክህብዎ ከለው፡ ካብ ባዶ ከም ዘይተበገሱ ትርዳእ።



<u>ድምጻዊ ተስፋሚካኤል ጊላዝጊ (ወዲ ሽቃ 1983)</u>

እቲ ኻልእ ብጻላኢ ኣንጻር ጉጅለታት ባህሊ ዝግበር ዝበረ ደብዳብ ነፈርቲ'ውን ክዝከር ዝግበኦ'ዩ። ንምኣብነት ጉጅለ ባህሊ ፈለማ ኣብ እዋን ምዝላቕ 1978 ኣብ ከባቢ ቀጋይ፡ ከምኡ'ውን ኣብ 1982 ኣብ ዓምበርበብ ዘጋጠመ ደብዳብ ዝተኸፍለ ዋጋን ቀሊል ኣይነበረን። ኣብ መወዳእታ 1984 ኣብ ልዕሊ ጉጅለ ባህሊ ብርጌድ 44 ብነፈርቲ ብዝተገበረ ደብዳብን ብሰንኩ ዘጋጠመ መውጋእትን ብምኽታው፡ ከምኡ'ውን ኣብ ምምልላስ ዕጥቅን ሰንቅን ውጉኣትን ካብን ናብን ድፋዕ ዘጋጠማ ማስዋእትን መወጋእትን ውሑዳት ካብቲ ብዙሕ ንጉጅለታት ባህሊ ህ.ግ. ዘጋጥም ዝበረ'ዩ። እዚ ድማ፡ ኩለን ጉጅለታት ባህሊ ኣብ እዋን ኩናት ኣብቲ ርሱን ውግእ ዝተፃደሉ ዝበረ ግንባራት ይኸትታን ከም ኩሉ ተጋዳላይ ድማ፡ ክብር ዋጋ ይኸፍላ ነይረን እየን።

ጉጅለ ባህሊ ኣ'ስሙድ ድሕሪቲ ኣብ ሩባ ዓራርብ ዘጋጠማ ሰኡብ ውሕጅ፡ ነቶም በቲ ባህርያዊ ተጻብኦ ዝተሰውኡ ብጾታ እናዘከረት ኣብቲ መዘዞሚ ዑደታ ክኸውን ዝሓሰበቶ ናይ መጠርሽታ ምርኢት መበል 25 ዓመት ምምስራት ብረታዊ ቃልሲ 'ኣለና' ንምባል ተሳተፈት። ብመዚቃ ማእከላይ ጉጅለ ባህሊ ተሰንያ ድማ፡ ሓደ ክልተ ደርፌ ኣቕረበት። ድሕሪ እቲ ጽንብል ድማ፡ ናብ ማጠቢ ቦታኣ ገራሲት ጎደሎ ቀጽሪ ሒዛ ተመልሰት።

ወረ ናይታ ጉጅለ ባህሊን ዘጋጠመ ድንገትን ናብ ኩሉ ተዘርጊሑ። ኣብ ሜዳን ወጻእን ዝበረ ዜጋ ድማ፡ ኩሉ'ኳ እንተ ሓዘ ንእለቱ ብሓቦ ተላዒሉ። ካብ ኣዘዝቲ ክ/ሰራዊት - ሳሕል ሕሩይ ጀማርን፡ ክሳብ እቶም ኣብ ወጻኢ ዝበሩ ነቲ ዝጠፍአ ንብረት መዚቃ ክትክኡ ላዕልን ታሕትን በሉ። ኣብ ሓጺር እዋን ድማ፡ ሓደሽ መሳርሒታት መዚቃ ተገዝኡ። እታ ጉጅለ ባህሊ ከይጸንሐት ምስቲ ህሉው መድረኽ ዝኸነ ሓደስቲ ደርፍታትን ተዋስኦታትን ክትደርስ ጀመረት።

ጉጅለ ባህሊ ኣ'ስሙድ ቅድሚ ምድምሳስ ናደው እዝ ኣብ ዝበረ መወዳእታ 1987 ማስዋእትኑ ኣብ እዋን 8ይ ወራር ኣብ ግንባር ናቕፋ ዝበረት ጉጅለ ባህሊ ክ/ሰ 61 ብምሉኣ ከቲታ ብቀጥታ ኣብ ውግእ ኣብ ጸጋማይ ክንፊ ግንባር ናቕፋ ዝተኻየደ ቀጻሊ መጥቃዕቲ ብምስታፍ፡ ኣብ ምልዓል ውጉኣትን ምብጻሕ ዕጥቅን ሰንቅን ዓቢ እጃም ኣበርከተት። ኩናት ምስ ተወደአ ድማ፡ ናብ ሃደሽደሽ ከባቢ ናቕፋ ተጠርኒፋ ኣብቲ ክፍልታት ክ/ሰ 52 ዝበሮ ሰንሰለታ ኣብሎ ቀጻሊ ልምምዳት ገይራ። ድሕሪኡ ክ/ሰ 52 ደባይን ተንቀሳቓስን ስርሒታት ከካይድ ናብ ድሕሪ መስመር ምስ ከደ፡ እታ ጉጅለ ባህሊ'ውን ካብ ናቕፋ ተላዒላ ደድሕሪ ክፍለ ሰራዊታ ብምስዓብ ኣብ ሃዳሙ ቦታኣ ሓዘት። ንህዝብን ተጋደልትን ወዛ ዘለ ምኡዝ ምርኢታት ኣቕረበት። ኣብ ወርሒ መጋቢት 1988 እቲ ዓቢ ስርሒት ምድምሳስ ናደው እዝ ስለ ዘርከበ፡ ኣብ ታሪኽ ሰውራና ንፈለማ እዋን ክ/ሰራዊት ምሉእ (ክ/ሰ 52) ማለት'ዩ ኣብ መንጎ ከረንን ኣፍዓበትን ዘሎ ጉዝኣ. ቦታታት ብምስላኹ ድብያ ኣዋደደ። ምስቲ ብቐድሚት ብግንባር ዝደፍእ ዝበረ ተጋዳላይ ተወሃሂዱ ድማ፡ ኣብ ምድምሳስ ናደው እዝ ዓቢ እጃም ኣበርከተ። ናደው እዝ ተደምሲሱ ከተማ ኣፍዓበት'ውን ሓራ



<u>ድምጻዊ ተስፋሚካኤል ጊላዝጊ (ወዲ ሽቃ 2025)</u>



<u>ጉጅለ ባህሊ ኣ'ስሙድ ኣብ ፖርትሱዳን</u>

ኮነት። እዚ ዓቢ ብስራት'ዚ፡ ነታ ኣብ ሃዳሙ ዝበረት ጉጅለ ባህሊ ኣ'ስሙድ ከይደንነዩ በጽሓ። ድሕሪ ቁሩብ ድማ፡ ንከረንን ኣስመራን ንኸድሕን እቲ ንዓመታት ኣብ ከተማታት ጋሽ ባርካ ዓሲሩ ዝበረ ሰራዊት መግዛእቲ ተሓግሒጉ ንቲ ዞባ ብምሉኡ ለቐቐ።

ድሕሪ እዚ ድማ'ዩ ጉጅለ ባህሊ ኣ'ስሙድ ካብ ሃዳሙ ተበጊሳ ባርንቱ ኣቛርደት ምርኢት እናኣቕረበት ናብ ማጠቢ ቦታኣ ናቕፋ ዝተመልሰት። ምስቲ ርሱን ዓወታት ዝኸይድ ደርፍታትን ድራማታትን ከአ ደረሰት። "ሰላሊዓ ከበር ሃዚ" ወዘተ ገለ ካብኡ ምስ ምድምሳስ ናደው እዝ ዝኸይድ'ዩ። እታ ጉጅለ ባህሊ፡ ድሕሪ ምድምሳስ ናደው ሓደሽ ደርፍታትን ተዋስኦታትን ሰኒቃ ብናቕፋን ከበቢኣን ዝጀመረ ምርኢታት ናብ ኣፍዓበት ቀጸለ። ሀንዶ፡ ቅላመት፡ ግንባር ሓልሓል፡ እናበለት ብሰፊሕ ባህላዊ ምርኢታት ቀጸለት። ድሕሪ ስርሒት ፈንቅል 1990 ድማ፡ ዑደታ ናብ ምብራቕ ብምቕናዕ ሽዕብ፡ ባጽዕ እናበለት ምስቲ መድረኽ ዝኸይድ ዜማታት እናደረሰት ምርኢታ ንህዝብን ተጋደልትን ኣቕረበት። ኣብዚ ምርኢታት'ዚ ድማ፡ መንእሰያት ብፍላይ ካብ ባጽዕ ተሓግሒጎም ናብ ሰውራ ዝተሰለፉሉ እዋን'ዩ።

ድሕሪ እዚ፡ ጉጅለ ባህሊ ኣ'ስሙድ ከም እንደገና ናብ ማጠቢኣ ናቕፋ ተመልሰት። ኣብኡ ድማ ቀጻሊ ልምምዳት ገይራ ካብ ናቕፋ ናብ ሱዳን ተበገሰት። ፖርትሱዳን፡ ከሰላ፡ ገዳረፍ፡ መደኒ ኩሉ መዓስከራት ሰደተኛታት፡ ክሳብ ካርቱም ድማ ብዘይ ዕረፍቲ ተኸታታሊ ምርኢታት ተቐርበሉ ኣብ ዝበረት እዋን፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ምርኢት ካብ 50-60 ዝኣኽሉ መንእሰያት ክጋደሉ ናብ ሜዳ ይወሕዙ ነበሩ። እዚ ድማ'ዩ ብዘይ ጥይትን ብዘይ በምጣን ዝዋጋእ 'እቲ ኻልእ ገድሊ ንናጽነት።' ጉጅለ ባህሊ ኣ'ስሙድ፡ እቲ ኣብ ሱዳን ኣዋርሕ ዝወሰደ ምርኢታታ ንኹሉ ኣብ ሱዳን ዝቕመጥ ዜጋ ዓቢ ተስፋን ሓበንን ነበረ።

ጉጅለ ባህሊ ኣ'ስሙድ ከም መርኣያ ናይቲ ብውድብ ዝተለገሰላ ሞሳ፡ ኣብ ካርቱም 'ርያድ' ዝበሃል ሆቴል ተሓዚኣላ ኣብኡ ክተዕርፍ ተወሰነ። እቲ መድረኽ ንእኣሱ ደሮ ናጽነት ስለ ዝበረ፡ ኣብ ሱዳን'ውን እቲ ምስ ሓደሽ መድረኽ ዝኸይድ ልምምድ ይቕጽል ነይሩ። ኩሉ ኣባል ባህሊ ድማ ምስቲ መዓልታዊ ዝሰማዕ ዝበረ ብስራት ዓወታት ዕረፍቲ ኣብ ሆቴላት ሱዳን ኣይተዋሕጠሉን። ናብ ሜዳ ክጠፍእ ጥራይ ይብህግ ነይሩ።

ካብዚ እታ ጉጅለ ባህሊ ካብ ሱዳን ተበጊሳ ምርኢታት እናቕረበት ናብታ ማጠቢታ ናቕፋ ተመልሰት። ኣብ ናቕፋ ብዙሕ ከይጸንሓት ድማ፡ ደሮ ግንባር ደቡብ ተማሳሪቱ ጸላኢ እናተኸበበ ይኸድይ ስለ ዝበረ፡ ካብ ናቕፋ ናብ ደቡብ ተበጊሳ ኣብ መንደፈራ-ዓረዛ ዝተባህለ ጥቓ ዓዲቐይሕ ግንባር ማዕረብ ደቀምሓረ ዓስከረት።

ድሕሪ'ዚ፡ ኩለን ጉጅለታት ባህሊ ናብ ሳሕል ኣራግ ተመሊሰን ደርፍታተን ደሰኑዳ ስለ ዝበረ፡ ጉጅለ ባህሊ ክ/ሰ 52 ድማ፡ ናብ ኣራግ ክትብጽሕ ከላ ወዲ-ሽቃ ግን ምስ መጻምድቱ ኣብ ዕረፍቲ ስለ ዝበረ፡ ንኣራግ ኣይከደን። እንተኾነ ህሰ መጥቃዕቱ ኣሐዩሉ ድሕሪ ቁሩብ እዋን ንግንባር ደቀምሓረ ዓጠምጠም ኣቢሉ ኣፍረሶ። ከተማ ደቀምሓረ ሓራ ወጸት። መራሒ ኢትዮጵያ መንግስቱ ሃይለማርያም ሃዲሙ። 24 ግንቦት 1991 ድማ ኤርትራ ብምሉኣ ሓራ ኮነት። ጉጅለ ባህሊ 52 ድማ፡ ንኹሎም ሰማእታት ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ነቶም ኣብ 1986 ኣብ ሩባ ዓራርብ ብድንገት ውሕጅ ዝተሰውኡ ሰማእታታ እናዘከረት ካብ ኣራግ ናብ ከሰላ ደየበት። ምስቲ ድሕሪ ናጽነት ዝሰዓበ ሓደሽ ኣወዳድባ ጉጅለታት ባህሊ ድማ ተፈናፊጸት።

**ኣበርክቲ - ተስፋሚካኤል ጊላዝጊን**
**ካልኦት ምንጭታትን**




<u>ጉጅለ ባህሊ 76</u>




ጉጅለ ባህሊ 31

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

## VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;**

**Health and Safety Coordinator**
**Number required – (05)**
**Type of contract – Indefinite**

**Major Duties and responsibilities**

- Assist in building, implementing and overseeing H&S programs and initiatives for Asmara Mining Share Company (AMSC).
- Coordinate HSE programs and activities, through the provision of critical Health, Safety and Environmental solutions to maintain constant safe work practices and conditions.
- Assist the Safety and Health Superintendent to develop and implement the mine safety management system inclusive of safety meetings, workplace inspections, pre-start information sections and inspections, event reporting/investigation and reporting of lead and lag indicators.

Health and Safety Management

- Communicate all Health and Safety procedures and protocols to the operations.
- Accept personal responsibility for the health and safety of every employee assigned to his/her supervision.
- Facilitate the development and review of H&S documents in accordance with AMSC standards and Eritrean regulations
- Facilitate and promote the adoption of new health and safety programs and practices.
- Lead audits, risk assessments, reviews, monthly H&S meetings and inspections.
- Provide technical expertise in investigation events to identify control failures, root causes and appropriate corrective actions to be taken.

Planning and Analysis

- Monitor, analyze and suggest improvement opportunities from leading and lagging indicators.
- Assists develop H&S business plans, in consultation with key stakeholders and as per the business needs and demands.
- Conduct needs analyses to develop or update training materials to parallel emerging HSE industry trends.

Execution

- Coordinate monthly inspections, lead monthly H&S meetings, conduct internal audits, coordinate event investigations, coordinate risk assessments, coordinate contractor onboarding process
- Coordinate housekeeping inspection program and safety representative program.
- Review of JHAs | Other unplanned / ad hoc projects
- Advise line management on safety issues.
- Follow up on departmental action and events close outs.
- Preparation of audits and inspection reports.
- Coordinating planned emergency drills at the respective areas.

Evaluation and Maintenance

- Oversee all document controls by forwarding updated and changed content for review and approval by the Superintendent and uploading onto a system.
- Support the development of a continuous improvement culture to ensure training and development remains a top priority for improving Health and Safety standards across Asmara Mine.
- Oversee the effective storage of records via electronic and hard copy means.
- Provide Progression feedback reports to the Superintendent and End User Management, as required.

TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS
Profile: Qualifications and Experience

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Bachelor's Degree in a Science related programs<br>• Professional Competency Certificate in HSE or similar |
| Working Experience – Nature & Length | •Minimum of 6 years' generalized experience in Health and Safety, with previous facilitation experience in the Mining, Oil or Construction industries, of which 3 years should be in a supervisory and/or coordinating capacity.<br>• Sound knowledge of technical and operational aspects of open cut and underground mining.<br>• Working knowledge in operation and risked associated with heavy mining equipment |
| Technical Skills | • Leadership skills in multi-disciplinary environment.<br>• Advanced training and strong facilitation skills.<br>• Strong stakeholder engagement skills.<br>• Strong training needs analysis, analytical and problem-solving skills.<br>• Strong communication (written and verbal) and interpersonal skills.<br>• Strong planning, organizing and prioritizing skills.<br>• Strong leadership and management skills.<br>• Strong coaching and mentoring skills.<br>• Attention to detail<br>• Sound decision making skills<br>• Plan, organize and execution skills<br>• Valid Driver's License<br>• Computer Literacy (MS Office – Intermediate, Excel |
| Behavioral Skills | • Approachable \| Assertive \| Customer Focused \| Goal Oriented \| Influential \| Initiative \| Leadership \| Pro-Active \| Reliable \| Results Driven<br>• Communication (read, write and speak English)<br>• Strong Supervisory skills. Get things done attitude<br>• Commitment to deliver on agreed targets<br>• Demonstrated team building and mentoring skills<br>• Well organized<br>• Commitment to nationalization of the workforce |

General Information and other requirements:

- Place of Work: AMSC Site
- Type of contract: Indefinite Period
- Salary: As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- Address: Please mail your applications to;
  Asmara Mining Share Company,
  P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
- Applicants shall be required to send a copy to:
  Mineral Resources Management
  P.O. Box – 272
  Asmara
- Note to Eritrean applicants:
  Please send a copy of your application to
  Aliens Employment Permit Affairs,
  P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

# ቃለ- መሕተት

ኣብርሃም ዘርኡ (ወዲ -ሃለቃ)

## “ጎቦ ኢሊት፡ ንዋናታቱ ደኣምበር፡ ንጸላኢ ዘገሃደሉ ቦታ ኣይኮነን” - ኣቶ ዓብደልቃድር ኣደም ሓጃጅ

ስእሊ-ክብሮም ጸሃየ

ሕርሻውን ልምዓታውን መደባት ዳህሳስ ንምግባር፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ብስራሕ ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ተንቀሳቒስና ነይርና። ብዝዕባ እቲ ኣብ ን/ዞባ ሃይኮታ ዝርከብ ደርማስ ጎቦ ኢሊት ሓቝፍዎ ዝርከብ ትሕዝቶታት ታሪኻዊን ቅርስን ንምልላይ ድማ፡ ብ 31 ታሕሳስ 2025 ሕታም ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ቃለመሕተት ኣካይድና ምንባርና ይዝከር። ንሎሚ ድማ 2ይን መወዳእታን ክፋል ናይ’ቲ ዕላል ይስዕብ፡ ሰናይ ንባብ።



**- ከምዚ ከተዕልለና ዝጸናሕካ፡ እዚ ጎቦን ሓምድ እድሪስ ዓዋተን ጸቡቕ ሌላ ከም ዝነበሮም ብዙሕ ዕዮታት ሰውራ’ውን ከም ዝተሰመ ሓብሪካልና። እቲ ዝነበሮ ኣበርክቶን ተራን ከመይ ከም ዝመስል ክተገልጸልና፧**

ከምዚ እንዕዘቦ ዘለና እዚ ጎቦ’ዚ፡ ኣብ ውሽጡ ብዙሓት በዓቲታት እየም ዘለውዎ። ኣብኡ ዝተዓቝበ ሰብን ንብረትን ብቐሊሉ ክትረኽቦ ዝከኣል ኣይኮነን። ምስጢራዊ ጎቦ ስለ ዝኾነ፡ ብቐሊሉ ዝኸዶ ሰብ ኣይደፍሮን እዩ። እዚ ቦታ’ዚ ንዋናኡ ደኣምበር፡ ንጸላኢ ኣይገሃደሉን እዩ። ኣብዚ ጎቦ ብዙሕ ታሪኽ ተሰሪሑ እዩ። መዕቆቢን መሕብኢን ኣጸዋር ኰይኑ’ውን የገልግል ከም ዝነበረ ክገልጸልካ እፈቱ። ስለዚ ጎቦ ኢሊት፡ ብዙሕ ሃገራውን ሰውራውን ዕማም ሰሪሑ እዩ።

**- ሕራይ ዓብደልቃድር፡ ኣብዚ ከባቢ ጎቦ ኢሊት ጥራሕ ዘይኮነ ከም እምባ ኣዳል ዝኣመሰሉ ብዙሓት ታሪኻውያን እምባታት ኣለዉ’ሞ፡ ኣብ ቃልስና ከመይ እዮም ዝገለጹ፧ ብፍላይ ብዛዕባ ኣዳል፧**

ዓዋተን ሰዓብቱን ብሓፈሻ ተጋደልቲ ሰውራ ኤርትራ፡ ኣብዚ ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ብፍላይ ድማ ኣብዚ ከባቢ፡ ንጠፍን ሓያል ምንቅስቓስን እዩ ነይሩዎም። ዓዋተ ዘለዎም ቀዳሞት ተጋደልቲ፡ ኣብ ከም ብዓል ሃደምደሚ፡ ባልቃይ፡ ኦማል፡ ኣዳል፡ ጀበል ሓምድ... ዝበሃሉ ቦታታት ብዘበዝሒ ዝንቀሳቐሱሉን ምስ ጸላኢ ኩናት ዝገጥሙሉን ዝነበሩ ቦታታት እዮም። ኣብዚ ሕጂ ክንፈልጦን ክርዳኣናን ዘሎና፡ ከሎም እዞም ዝጠቐስናዮምን ካልኦት ቦታታትን ብዛዕባ እቲ ሰውራ ንምሕንባብ ዝዘተዩሉን ዝንቀሳቐሱሉን ዝዋግኡሉን ዝነበሩ ታሪኻውያን ቦታታት ተዳህሲሶም እዮም ክንበል ኣይግባእን ኢና። ብዙሕ መጽናዕትን ዳህሳስን ዘድልዮ ቦታ እዩ። ምኽንያቱ ማህደር ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝሓቖፈ ቦታ እዩ። እቲ ዝነርመሉ ብዙሕ ዘይተዘርበረ ታሪኽ ኣለዎ። ክፍለጥ እንተ ደኣ ኰይኑ ድማ፡ እንዳ ዜና ብኸምዚ ትግብርዎ ዘለኹም ተገዳስነት፡ ክጽሓፈሉን ክዝረበሉን ዘለዎ ቦታታት እዩ። ብፍላይ እዚ ሓዲሽ ወለዶ ታሪኹ ክፈልጥ ስለ ዘለዎ።

**- እዚ ጎቦ፡ ኣማዕዲኻ እንክትርእዮ ኣሻኹ ዘይድፈር ዝመስል ጎቦ እዩ። ኣብ ዝባኑ ከመይ እዩ ዝደፈልጦ እንታይ መግለጺ ክትህበና ትኽእል፧ ኣብ ዝባኑ ኽትትኣብሮ ምቹእ ድዩ፧ እዮም ቀዳሞት ሕብረተ-ሰብና ኣብኡ ኩይናም ይከላኸሉን ይነብሩን እንተ ደኣ ነይሮም ማለተይ እዩ። እስከ ሓፈሻዊ ምስ ዝባን እቲ ጎቦ ኣላልየና፧**

ከም’ቲ ኣቐዲመ ትዝክሩ ዘበልኩዎ፡ ጎቦ ኢሊት ኣዝዩ ዘይድንደን ስትራተጂያውን ግዝኣን ዝኾነ ቦታ እዩ። ብዝይካ ብኽልተ መንገዲ ተጠቒምካ ክትሓኽሮ እንተ ዘይኩይኑ፡ ብኻልእ ሸነኹ ክትድይቦ ዝከኣል ኣይኮነን። ካልእ እቲ ብልጫኡን ዘደንቕሓን ክትሓስቦ እውን ዘይትኽእል ኣብ ዝባኑ ማይ ምህላዉ እዩ። ሓጋይን ክረምትን እቲ ማይ ኣሎ። እተን ሓሙሽተ ዒላታት ብዝይካ እቲ ኣብኡ ዝነብር ዝነበረ ህዝቢ፡ ንሕና ኢና ኣይፈልጠንን ኢና። እተን ክልተ ግን ኣጸቢቕና ንፈልጠን ኢና። ማይ’ውን ኣለወን። እንስሳታት ናይ’ቲ ጎቦን ጓሶትን ካብዚ ማይ እዚ እዮም ዝጥቀሙን ዝረወዩን። ብተወሳኺ፡ ኣብ ዝባን እቲ ካራ ዝመስል በሊሕ ጎቦ፡ ኣብ ዝባኑ ምስ ደየብካ ናይ 800 ሜትሮ ዝኸውን ሰብ ክነብሮ ዝኽእል ጎልጎል ቦታ ኣሎ። እቲ ኣሰራት ናይ’ቲ ህዝቢ ከም መጥሓን በሎ፡ መሰፈሪ፡ መጥሓኒ እኽሊ ክሳብ ሕጂ ኣብኡ ይርከቡ። ብተወሳኺ ጥልያን ዓቢ መራኸብታት ኣብ ዝባኑ ተኺሊ ከም ዝነበረ ይዝከር። ኣብኡ ኩይንካ እንተ ደኣ ኣማዕዲኻ ክሳብ መሬት ሱዳን ከም ዝረአ ይፍለጥ። ብኣጠቓላሊ ጎቦ ኢሊት ኣዝዩ ዘገርም ቦታ እዩ።

**- ስለዚ ህዝቢ ኢሊት፡ ኣብ ላዕሊ ዝባን ናይ’ቲ ጎቦ ኣብዮቲ ደኺናም ድዮም ዝነብሩ ነይሮም ወይስ ኣብቲ በዓቲታት እዮም ዝቕመጡ ነይሮም፧**

ኣብ’ቲ ፈለማ፡ ብፍላይ ኣብ በዓትታት እዮም ዝነብሩ ነይሮም። እቲ ዝነርመሉ ከርእዩኻ እንከለዉ፡ “እዚኣ እንዳ ከሰዩ በዓቲ እያ፡ እዚኣ ድማ እንዳ እገለ” እናበሉ እዮም። እቶም ብዘንታታት



እናጸወዩ ዓቐብምልና ዝጸንሑ ኣቦሓጎታት ዘዕልሉኻ። ድሕሪ ገለ እዋን ግን እዚ ሕብረተሰብ ኣብ ዝባን እቲ ጎቦ ክሰፍር ከም ዝጀመረ ይግለጽ። ብሓፈሻ እዚ ቦታ ኣዝዩ ቀራርን በረድን ብምንባሩ፡ ካብ ቀርን ኣራዊት በረኻን ንምክልኻል ሓዊ ኣጉዶም ይሓድሩ ከም ዝነበሩ’ዩ ዝዘንቶ። ግዘ ሰራሕካ ምቕማጥ ግን ብዙሕ ይፍለጥ ኣይነበረን። ዋላ መግቦም እንተኾኑ፡ በቲ እዋን’ቲ ጥረምረታትን ኣሕምልቲን ቋርፍን ሞሮር እዩ ዝነበረ። ደሓር እዮም ከም ብልቱግ ዝኣመሰሉ እናዘርኡ ክጥቀሙ ጀሚሮም። ብኸምዚ ድማ ካብቲ መጀመርታ ደሓር እቲ ኣታኽልትን ኣመጋግባን እናማዕበለን እናተመሓየሸን ክመጽእ ክኢሉ።

**- እቲ ኣሰኣል ዝበልካዮ፡ ኣብ’ቲ በዓቲታት ድዩ ኣብ ኣኻውሕ እዩ ተሳኢሉ ዘሎ፧**

እዞም ንበለም ዘለና ዝተፈላለዩ ስእልታትን ምስልታትን ኣብ’ቲ በዓቲታት እዮም ተወቒጦምን ተወቒሮምን ዝርከቡ።

**-ሓፈሻዊ እዞም ስእልታት ተራእዮምን ኣብ ንጽኑዓቶምን ከመይ ኣለዉ፧ ምስ ግዜ ሃሰሮምዶ ይኸውን ዋላ፡ ኣብ ከመይ ኩነታት ከም ዘለዉ ክትነግረና፧**

ኩነታቶም ንምክትታል ኣብዚ ቀረባ ግዜ እውን በጺሕና ነይርና። ኣብዚ ሕጂ እዋን በብቑሩብ ደኣ ይሃሰስ ኣሎ እምበር፡ እቲ ኣብኡ ተወቒጡ ዘሎ ኣሳእል ናይ ምንታይ ምስሊ ምዃኑ ክልለን ክረድእን ዝኽእል እዩ። ብሓፈሻ ርእይኻ ዝልለ እዩ። እንተኾነ ኣብዚ ሕጂ እዋን እናሃሰሰ ይኸይድ ኣሎ።

**- ሓወልቲ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ኣብዚ ኣብ ሃይኮታ እዩ ዝርከብ ዘሎ’ሞ፡ እዚ ሓወልቲ መቓብሩ መዓስ እዩ ተሃኒጹ፧ ብልክዕ እንታይ እዩ ሓቝፉ ዘሎ፧**

ብልክዕ ሓወልቲ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ፡ ኣብዚ ቦታ እዩ ዝርከብ ዘሎ። ሓምድ ኣብ ሃደምደሚ ምስ ተሰውኡ፡ ኣብ 1994 እዩ ኣስከሬኑ ካብቲ ብጅግንነት ዝወደቐሉ ቦታ፡ ናብዚ ሕጂ ዘለዎ ቦታ መጺኡ። ንኽብሩ ድማ፡ ሓወልቲ ተሰሪሑሉ። እዛ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ዝርከበላ ሓወልቲ ድማ፡ ብሓፈሻ ከም መቓብር ጀጋኑ ሰማእታትና ኩይና እውን ኣብዚ ን/ዞባ ተገልግል ኣላ። ዛ ሓወልቲ ንምርኣይ ብዙሓት ግዱሳት ኤርትራውያን እዮም ካብ ውሽጥን ወጻእን ካብ ርሑቕን ቀረባን ዝመጽኡ።

**- ኣብ መወዳእታ ብጻይ ዓብደልቃድር፡ ክማበር ኣለዎ ትብሎ ማለተይ ከም መልእኽቲ ከተሕልፎ እትኽእል ነጥቢ እንተለካ ዕድል ክህበካ፧**

ንዘብታም ቅርስታትን ታሪኽን ናይ’ዚ ከባቢ ክትድህሰሱ ምምጻእኩም ዘሐጕስ እዩ። እቲ መረዳእታ ናትና ኣዝዩ ውሱንን ድሩትን ስለ ዝኾነ፡ ከምዚ እንተ ደኣ ቀጺሉ እቲ ሱፍልጡት ሕብረተሰብና እውን ክበራበር ይኽእል እዩ። ህዝቢ ከኣ ነቲ ዋና ዘለዎ ታሪኹ ክፈልጥ ይኽእል እዩ። ሕጂ ንዓና ዘድልየና ዘሎ እዚ እዩ። መንእሰይ ወለዶ ክፈልጦ ይግባእ።

**- እቲ ሰብ ክፈልጦ ስለዘለዎ፡ ንጎቦ ኢሊት ዝዳውብዎ ቦታታት ብዓል መን እዮም፧**

ጎቦ ኢሊት ማለት ብልቱግያይ ካብ ማእከል ከተማ ሃይኮታ ናብ ሰሜናዊ ምዕራብ 9 ከሎሜተረ ርሒቑ ይርከብ። ብኣርባዕተ ማእዝን ድማ ምስ ኣለቡ፡ ጎኖ፡ ባልቃይ፡ ሓሸንኪት፡ ሃይኮታ፡ ሃደምደሚ ዝበሃል ቦታታት ይዳወብ።

**- እዚ እምባ ዘይድፈር ስትራተጂያዊ ምኳኑ እቲ ዝዓበየ ብልጫኡ እንደዩ ከም መከላኸሊ ተራእዩኹ ከመይ እዩ፧ ማለተይ ኣብኡ ኴንካ ንጸላኢ ክትቈጻጸርን ክትከላኸሎን ሜዕረ ክነደይ እዩ ዘርኢ፧ ኣቐዲምካ ንሽፈኑ ኣተሓሒዝ መከላኸሊኻን መስርሕ መጠንቀቕታን ንጸላኢኻ ስጉምቲ ንኽትወስደሉ ሜዕረ ክነደይ እዩ ዘኽእል ነይሩ፧**

ብልክዕ እቲ ጎቦ ቁመቱ ተዓዚዙ እዩ። 1474 ሜትሮ ብራኸ እዩ ዘለዎ። ልዕሊ ሓደ ኪ/ሜተር ዝኸውን ንውሓት ይውንን ማለት እዩ። ኣብቲ ዝባኑ ኴንካ ንኸሉ ቦታታት ክትቈጻጸር ኣይትጸገመን። ከሉ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽርካ እዩ። እዮም ቀደም ኣብቲ ቦታ ዝነብሩ ዝነበሩ ኣቦሓጎታትና እውን ብኣርባዕተ ማእዝን እቲ ጎቦ ጻዕዳ ጨርቂ ተኺሎም ብምንብልባል እዮም ብቐሳት ኣብ ጎላጉል እግሪ ናይ’ቲ ጎቦ ብሓፈሻ ጎላጉል ሃይኮታ ስርሖም ዘሰላስሉ ዝነበሩ። ጸላኢ እንተ ደኣ ዝመጽኦም ሃልዩ ግን፡ እተን ጻዕዳ ጨርቂ ካብ ቦታአን እየን ዝወርዳ። እንተ ወሪደን ግን፡ ስርሖም ኣቋሪጾም ናብቲ ጎቦ እዮም ብቕልጡፍ ዝድይቡ። መሬት ኣማን ከም ዘለ መሐበርን ምልክትን እዩ። ነገር ከም ዘሎ ቀልጢፎም እዮም ቀብ ዘብልዎ። ከምኡ ዝገብሩሉ ምኽንያት ድማ፡ “ጸላኢ ይመጽእ ስለ ዘሎ ኩልኻ ተጠርነፍ፡ ተዳሎ፡ ክተት” ማለት እዩ። ኩሉ ሰብ ድማ፡ ጸላኢ ክከላኸልን ከጥቅዕን ብጉያ ናብቲ ጎቦ ይድይብ።



**የቐንየልና!**

# ስፖርት

ኣብርሃም ዮውሃንስ (ወዲ ዕቋር)

## ማእከል፡ ንብሉጻት ኣትለታትን ኣሰልጠንትን ሽልማት ተዓዲሉ

ፈደረሽን ኣትሌቲክስ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ዓመት 2025 ብሉጽ ብቕዓት ዘርኣዩ ኣትለታትን ኣሰልጠንትን 'ሽልማት ማእከል' ዓዲሉ።

ኣብቲ ብ2 ጥሪ ኣብ ኣዱሊስ ክሉብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ኣትለታትን ኣሰልጠንትን፡ ኣብ ሰለስተ ክሊ ዕድመ ማለት ናይ ትሕቲ 18 ዓመት፡ ትሕቲ 20 ዓመት ከምኡ'ውን ልዕሊ ዕድመ ብምምስራዕ ካብ ክልተኡ ጾታ ብሉጻት ዝኾኑ ስፖርታውያን ሽልማት ዓቲሮም።

ኣብ ናይ ትሕቲ 18 ዓመት፡ ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ኣትለታት ጸግዓት መብራህቱ ማዕድን ገብረማስቀል፡ ሰም መሴ ሕጹያት ኰይኖም ክቀርቡ እንከለው፡ ኣትለት ጸግዓት መብራህቱ ካብ ክሉብ ፍረ-ጻዕሪ ሚኒስትሪ ሕርሻ ቀዳማይ ብምውጻእ ተሸሊሙ። ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ፡ የርሳሌም በየነ፡ ሰሰን ሚካኤል፡ ሓርነት ፋሰል ዝተሓጽያ ክኾና እንከለዋ፡ ናይ ፍረ-ጻዕሪ ኣትለት ሓርነት ፋሰል ድማ ተዓዊታ። ኣብዚ ክሊ ዕድመ ካብ ዝቐረቡ ሰለስተ ሕጹያት ኣሰልጠንቲ፡ ኸኣ፡ ናይ ፍረ-ጻዕሪ ኣሰልጣኒ ገብርህይወት ኣረፋይነ፡ ንመሓሪ ሃብተኣብን ማእከለ ጻውሎስን ኣኺሉ ተዓዊቱ።

ኣብ ናይ ትሕቲ 20 ዓመት ድማ፡ ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ፡ ኣትለት ማርዳካይ መሓሪ ንቤተኤል ባሻዕለን ዳብራ ናስርን በሊጹ ኸዕወት እንከሎ፡ ኣብ ክሉብ ኢንሹራንስ ዝኾነት ሚካል ገብረሚካኤል ከኣ ንዱጥማ ኣሕመድን ቅሳነት ፍስሃየን በሊጻ ተዓዊታ። ኣብ ናይ ኣሰልጠንቲ ከኣ፡ ኣሰልጣኒ ክሉብ ኢንሹራንስ ተኽሊት ገብረእየሱስ፡ ንኢሳይያስ ኣሰፋውን ደሴ ገብረማስቀልን በሊጹ ዕዉት ኰይኑ።

ኣብ ናይ ልዕሊ ዕድመ ኣትለት ፍትሓዊ ዛይድ ካብ ፍረ-ጻዕሪ ሚ/ሕርሻ ንሳይሞን መብራህቱን የሱፍ ኣደምን በሊጹ ክዕወት እንከሎ፡ ኣትለት ድያና ሽሻይ ካብ ፍረ-ጻዕሪ ድማ፡ ንፍዮሪ ገብርህይወትን ኣድያም ይሕደጎን ኣኺቲላ ዕውቲ ኾይና። ኣብዚ ክሊ ዕድመ፡ ኣሰልጣኒ ፍረ-ጻዕሪ ገብርህይወት ኣረፋይነ ደጊሙ ዕውት ክኸውን እንከሎ፡ ማእከለ ጻውሎስን ተኽሊት ገብረእየሱስን ድማ ካልኣይን ሳልሳይን ወጺኦም።

ኣብዚ ሽልማት ናይ ምዕዳል ስነ-ስርዓት፡ ትሸዓተ ኣትለታት ዞባ ማእከል ኣብ ዓመት 2025 ንሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ብምውካሎም ኣፍልጦ ክወሃቡ እንከለው፡ ኣርባዕተ ኣትለታት ድማ፡ ሃገራዊ ክብረ-ወሰን ብምምሕያሾም ሽልማት ዓቲሮም። ኣሰልጣኒ ኢሳይያስ ኣሰፋው ከኣ፡ ንልዕሊ 20 ዓመት ኣትሌቲክስ ዞባ ማእከል ንምዕባይ ብዘበርከቶ ኣስተዋጽኦ፡ 'ናይ ህይወት ኣበርክቶ' ዝብል ፍሉይ ኣፍልጦ ክወሃቦ እንከሎ፡ ክሉብ ፍረ-ጻዕሪ ሚኒስትሪ ሕርሻ ድማ፡ ዝበለጸት ክሉብ ዓመት 2025 ብምዃን ተሸሊማ።

ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ፈደረሽን ኣትሌቲክስ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ዓመት 2025 ብኽልተኡ ጾታ ዓሰርተ ዋናታት ናብ ክብሒ ዞባ ማእከል ብምእታው ጽቡቕ ዝበለጸ ዓመት ከም ዝሕለፈ ብምግላጽ፡ ኣብዚ ሓድሽ ዘሎና ዓመት ከኣ ብሉጽ ውጽኢት ንምምዝጋብ ኣበርቲዑ ከም ዝሰርሕ ገሊጹ።





## ሞራልካ ንምምላስ ዝግበር ግጥም

ንኣሰልጣኒኣ ኤንዞ ማሬስካ ኣብረራ ብዘይ ኣሰልጣኒ እትርከብ ቸልሲ፡ ምስ ቀዳሞት ኣርባዕተ ኮይና ናይ ምዛዛም ሕልማ ንምዕዋት፡ ሎሚ ናብ ኢትሓድ ተጓዒዛ ንማንቸስተር ሲቲ ክትገጥማ'ያ።

እዚ ናይ ሎሚ ግጥም ኣብ መንጎ ብ41 ነጥቢ ካልኣይ ደረጃ ሒዛ ዘላ ማንቸስተር ሲቲን ብ30 ነጥቢ ኣብ ሓሙሻይ ደረጃ እትርከብ ቸልስን ዝካየድ ብምዃኑ፡ ሓደ ካብቶም ስሓብቲ ግጥማት መበል 20 ሰሙን ፕሪመር ሊግ ኰይኑ ይርከብ።




ማንሲቲ፡ ካብ ዝተኻየደቶ ዳሕረዎት ሽዱሽተ ግጥማት 83% ብዓወት ዝዛዘመቶ ክትከውን እንከላ፡ ቸልሲ ግን ዓወት ተሓሪምዋ ናይ ቅልውላው መድረኽ ድሕሪ ምሕላፋ፡ ክሳዕ ምብራር ኣሰልጣኒ በጺሓ ትርከብ። ማንሲቲ ዝሓለፈ መዓልታት ምስ ሳንደርላንድ ኣብ ዝተኻየደቶ ግጥም ማዕረ ብምፍላያ፡ ምስ መራሒት ዘላ ኣርሰናል ዘለዋ ናይ ነጥቢ ፍልልይ ክብ ብምባሉ፡ ነዚ ናይ ሎሚ ግጥም ልክዕ ከም ቸልሲ ሞራላ ንምምላስ ክትጥቀመሉ ምዃና ርዱእ ኰይኑ ይርከብ።

ኣብዚ ናይ ሎሚ ግጥም ቸልሲ፡ ብናይ ትሕቲ 21 ዓመት ኣሰልጣኒ ቸልሲ ካልየም ማክፋርላነ ክትካየድ እያ። ካልየም ማክፋርላነ፡ ቀዳማይ ጸወታኡ ኣንጻር ጋርድዮላን ሲቲን ብምዃኑ እንታይ ይስምዖ ምስ ተሓተተ፡ "ርግጸኛ ኮይነ ዝዛረቦ ናብቲ ጸወታ ግቡእ ምድላው ገይርና ክንኣቱ ኢና። ብርግጽ ኣብዚ ደረጃ ደይብ ሰራሕ ኣይፈልጥን'ዩ፡ ይኹን'ምበር ተጻወትና በላሕትን እንታይ ክንብሩ ከም ዘለዎም ዝፈልጡን ስለ ዝኾኑ ተሓጊጊዞና ክንሰርሮ ኢና" ኢሉ።

እዚ ናይ ሎሚ ግጥም ንኽልተኣን ጋንታት ብዓቢ ዘገድሰን ብምዃኑ፡ ኣፍኣ መለእኻ "ክስቶ ክትስዕርዩ" ምባል ከቢድ እዩ፡ እንተኾነ፡ 'ኦፕታ ሱፐር ኮምፒዩተር' ግና፡ ንሲቲ 58% ናይ ምዕዋት ተኽእሎ ብምሃብ፡ ናይ ቸልሲ መከራ ክተብእሶ ምዃና ግምታ ሂባ ትርከብ።

## ካብ ገጻት ማሕበራዊ መራኸቢታት

### ክሮች፡ ምስ ብዓልቲ ቤት ኣሎንሶ ኣብ ፍቕሪ

ኣብ መቐየሪ ልብሲ ሊቨርፑል 'ክላሲክ' ዛንታ እናተብሃለ ዝዝንተ'ዩ። እንግሊዛዊ ፔተር ክሮች፡ ኣብ 2005 ናብ ሊቨርፑል ምስ መጸ፡ ኣብታ ቀዳመይቲ ሰሙን ኣብ ሆቴል ይድቅስ ነበረ። ኣብቲ ኣጋጣሚ ድማ ምስታ ፍትሕቲ ኣቀባብላ ዝነበራ መልክዐኛ ተቐባሊት ኣጋይሽ ፍቕሪ ሓዙ።




ኣብ ሊቨርፑል ጋሻ ብምንባሩ ንደቂ-ጋንታኡ ኣጋጠምዎ ዘሎ ነገር ክሃግሮም ወሰነ። ብቐረባ ንዝፈልጦን ወዲ-ሃገሩን ንዝኾነ ጀሚ ካራገር ብምጽዋዕ፡ "ብቅንዕና ክሃግረካ፡ ምስዛ ኣብዚ ሆቴል እትሰርሕ ጽብቕቲ ጓል ፍቕሪ ሒዙኒ ኣሎ። ዕድለይ ክርኢ እደሊ ኣሎኹ" በሎ። ጀሚ ካራገር ብግደኡ፡ ንክሮች መልሲ ከይሃበ፡ ንብምልኣም ኣባላት ሊቨርፑል ጸዊዑ ብምእካብ፡ "ክሮች፡ እቲ ዝበልካዮ ንገሮም" በሎ። ክሮች ድማ ወረድዎ ዘሎ ብምእማን፡ "ምሉእ መዓልቲ ብኣኣ ክሓስብ ይውዕል ኣሎኹ፡" በሎም። ኩሎም ክርትም ኢሎም ብምስሓቕ፡ እዛ ተቐባሊት ኣጋይሽ ናጎረ ኣራዝቡሩ እትብሃል ኩይና፡ ቋንቋ እንግሊዝ ክትላመድ ብምባል ኣብቲ ሆቴል እትሰርሕ ዘላ ብዓልቲ ቤት ዣቢ ኣሎንሶ እያ በልዎ። እቲ ግዱህ ክሮች ከኣ፡ ብሕፍረት ሸምቀቕ በለ።

## ቪላ፡ ካልኣይቲ ኾይና ሓዲራ

ኣስቶን ቪላ፡ ካብቲ ናይ ማእከላይ ሰሙን ስዕረት ኣርሰናል ነጢራ ብምትንሳእ፡ ብኣእማኒ ጸወታ ነታ ትሳሓግ ዘላ ኖቲንግሃም ፎረስት 3-ብ1 ብምርታዕ፡ ንሎሚ ኣብ መሳልል ፕሪመር ሊግ ካልኣይ ደረጃ ሒዛ ትርከብ (ናይ ሎሚ ጸወታ ማንሲቲ ክውሰኖ'ዩ)።

ኣብቲ ናይ ትማሊ ግጥም፡ ዓወት ዘገድሳ ዝነበረ ቪላ፡ ካብ ናይ ዝሓለፈ ብዙተፈለየ ቁልጡፍ ዝኾነ መጥቃዕቲ ብምኽያድ'ያ ጸወታ ፈሊማቶ። ብተደጋጋሚ ድማ፡ ናብ ልዳት ኖቲንግሃም ክትጽጋዕ እኳ እንተተራእየት፡ ማሰመር ምክልኻል ኖቲንግሃም ግን ብቐሊሉ ዝፈርስ ኣይነበረን። ቪላ፡ ንቀዳማይ እብረ ጸወታ ክትዕብልሎ እንከላ፡ 247 ከዓሳሱ ብምቅባሉ፡ መርገዘብ ሓብሬታ 'ኦፕታ' ካብ 2003-04 ኣትሒዛ ምስናድ ካብ ትጀምር፡ ኣብ ፕሪመር ሊግ ቀድሚ ዕረፍቲ ካብ ዝተገበረ ምቅብባል እቲ ዝለዓለ ኮይኑ ተመዝጊቡ። 77.8% ናይቲ ጸወታ ዝዓብለለቶ ቪላ፡ ኣብ ልዳት ተጸጊዓ ዝተፈደ ፈተነ ምስላጥ ምስ ኣበየ፡ ካብ ርሕቅት ፈተነ ክትካይድ`ያ ጀሚራ። ናይ ቀዳማይ እብረ ጸወታ ንኽዛዘም ተወሳኺ ግዜ ምስ ተዋህበ ከኣ፡ ቪላ ብመንገዲ ዋትኪንስ ዘርኸበታ ሾቶ ንዕረፍቲ 1-ብ0 መሪሓ ወጺኣ።

ካብ ዕረፍቲ ምስ ተመልሳ ድማ፡ ድሕሪ ሓደት ደቓይቕ፡ ማጊን ሾቶ ብምምዝጋብ ንመሪሕነት ኖቲንግሃም፡ ምንቅስቓስ 61 ደቒቕ ጊብስ ዋይት ኣቑጸረት። ሾቶ፡ ኣብ 50 ተሳትፎ 22 ሾቶ 28 ከዓሳሱ ቪላ ኣይልዳሉዎ። ሃንደበት ካብ ድኹም ተንሲኡ ኣብ ማብል ብመንገዲ ሞርጋን ንቪላ ዘስዓበደት ሾቶ እዛ ናይ ዋይት ፕሪመር ሊግ ማብል ኣብ ሾቶ'ያ፣ ዋይት ከማዞዑብ እንክሎ፡ ድማ ቀረብ ገይሩ።



ናብ ጸወታ ዝመለሰታ ሾቶ ክትዕቅብ ዘይከኣለት ኖቲንግሃም ፎረስት፡ ካብ ቪላ ዝመጽኣ ዝነበረ ጸቕጢ ክትጻወሮ ኣይከኣለትን። ክከላኸል ካብ ልዳቱ ዝወጽኣ ሓላዊ ልዳት ኖቲንግሃም፡ ዝሓለፎ ምክልኻል ስለ ዘይሰለጦ፡ እቲ ካብ ሳዱን ርሒቑ ከዕዖ ሓዙ ዝነበረ ማጊን ናብ ሾቶ ለዊጥዋ። እዛ ሾቶ፡ ቪላ ካብ ሳዱን ወጻኢ ዘመዝገበታ መበል 12 ሾቶኣ ናያዚ ወቕቲ እያ።

ቪላ ካብ ዝተኻየደቶ ዳሕረዎት 15 ግጥማት መበል 13 ዓወታ ብምምዝጋብ ድማ፡ ብ42 ነጥቢ ካልኣይ ደረጃ ብምሓዝ፡ ንሲቲ ብሓንቲ ነጥቢ በሊጻ፡ ደረጃኣ ተመንጢላ ዘላ ማን ሲቲ፡ ሎሚ ኣንጻር ቸልሲ ወሳኒ ጸወታ ይጸብያ።

## ሆይሉንድ፡ ኣብ ኢጣልያ ደጊሙ ይውለድ!

### "ፕሪመር ሊግ ንኣማተራት ምሒር ከቢድ'ዩ፡" ሕጫጩ ደገፍቲ ዩናይትድ

ኢጣልያዊት ክሉብ ናፖሊ፡ ነቲ ምስኣ ብምኻን ደጊሙ ዝደምቕ ዘሎ ወዲ 22 ዓመት ዴንማርካዊ ኣጥቃዓይ ራስሙስ ሆይሉንድ፡ ካብ ማንቸስተር ዩናይትድ ብቐዋምነት ክተፈርሞ ድሌት ከም ዘለዋ ገሊጻ።

ሆይሉንድ፡ ናብ ኢጣልያ ካብ ዝመጽእ ኣብ 20 ግጥማት ተሰሊፉ ትሸዓተ ሾቶታት ብምቑጻሩ፡ ብዙሓት ወገናት ነቲ ምስ ማንቸስተር ዩናይትድ እንከሎ፡ 21 ግጥማት ብዘይ ሾቶ ዝሕለፎ እዋናትን ናይ ክልተ ዓመት ጸንሒቱ ኣብ 62 ግጥማት ተሳቲፉ 14 ሾቶታት ጥራይ ምምዝጋቡን ብምዝካር፡ ኣብ ናፖሊ ደጊሙ ይውለድ ከም ዘሎ ይገልጹ።

ኣሰልጣኒ ናፖሊ ኣንቶንዮ ኮንተ፡ ንሆይሉንድ ኣብ ክራማት ክሰጋገር እንከሎ፡ ከምቲ ኣብ ማንቸስተር ዩናይትድ ሃሰሱ ዝነበረን ኣብ ናፖሊ ዝተሓደሰን ማክቶሚ፡ ጽቡቕ ዕድል ክስሕበሉ ብምትስፋው'ዩ። ሓሳብ ልቡ ሰሚሩሉ ድማ፡ ካብዚ ተጻዋታይ ሰለስተ ናይ ሾቶ ቀረብትን ትሸዓተ ሾቶታትን ብምርካብ፡ ኣብ ኢጣልያ ካብ ዘለዋ ኣርባዕተ ዋናጩ ፡ 'ሱፐር ኮፓ ኢጣልያ' ክውንና እንከሎ፡ ኣብ ሰሪኣ ሳልሳይ ደረጃ ድማ ሒዙ ይርከብ።

ሆይሉንድ፡ ኣብቲ ክለቡ 22 ታሕሳስ ዋንጫ ሱፐር ካፕ ዝዓተረትሉ ግጥም፡ ነታ ዋንጫ ሒዙ፡ "እንታይ ዝኣመሰለ ብሉጽ ወሳኽ'ዩ" ክብል ጽሒፉ ነይሩ። ኣብታ 14 ሽሕ 'ላይክ' ዝረኸበት ናይ 'ኢንስታግራም' ምስሊ፡ ደገፍቲ ዩናይትድ ብዙሕ ግብረ-መልሲ እኳ እንተ ዘይሃቡላ፡ መልእኽታ ናብኦም ምዃና ዝተረደኣ ሓደ ደጋፊ ግን፡ ብሕጫጩ፡ "ፕሪመር ሊግ ንኣማተራት ተጻወትቲ ምሒር ከቢድ'ዩ" ክብል ጽሒፉሉ።




"ቦታይ ንኸውሕ ንሓድሽ ውድድር ድልው ኣሎኹ" እናበለ ኸሎ፡ ኣሰልጣኒ ማንቸስተር ዩናይትድ ሓድሽ ኣጥቃዓይ ከፈርም ብምድላዩ፡ እቲ ኣብ ማን.ዩናይትድ ናይ ምጽናሕ ባህጊ ዘነበሮ ሆይሉንድ፡ ኣብ ክራማት ናብ ናፖሊ ክሰጋገር ተገዲዱ። ኣብ ናፖሊ መመለሱ ይደምቕ ብምህላው ኸኣ፡ ሆይሉንድ ኣሰር እቶም ዩናይትድ ዘይምእማኣቶም ተጻወትቲ ክስዕብ ትጸበት ይግበረሉ።

## መደብ ጸወታ

### ሎሚ

**ዋንጫ ኣፍሪቃ**

ሞሮኮ - ታንዛንያ 7:00 ድ.ቐ

ደቡብ ኣፍሪቃ - ካሜሮን 10:00 ድ.ቐ

**ፕሪመር ሊግ**

ሊድስ - ማን.ዩናይትድ 3:30 ድ.ቐ

ፉልሃም - ሊቨርፑል 6:00 ድ.ቐ

ቶተንሃም - ሳንደርላንድ 6:00 ድ.ቐ

ኤቨርተን - ብረንትፎርድ 6:00 ድ.ቐ

ነውካስል - ክሪስታል ፓላስ 6:00 ድ.ቐ

ማንሲቲ - ቸልሲ 8:30 ድ.ቐ